# ክርስቶስ ተንሥኣ እሙታን






## ክርስቶስ ተንሢኡ ካብ ሙታን፡

**ብዓቢይ ኃይል ወሥልጣን፡ ኣሠሮ ንሰይጣን፡ ናጻ ኣውጽኦ ንኣዳም፡ ሰላም፡ ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ይኹን፡ ፍሥሓን ሰላምን። *ኣምላኽ ሰላም መድኃኔ ዓለም ፍሥሓን ሰላምን ይግበረልና።***

*እዚ መዝሙር እዚ፡ እቲ ኩሉ ዝካኣሎ ኃያል ኣምላኽና፡ ቅድሚ 2000 ዓመታት፡ ንሓይሊ ሞት ሥዒሩ፡ መጋንዝ ፍትሑለይ፡ መቓብር ክፈቱለይ ከይበለ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቱ፡ ካብ ሙታን ምስ ተንሥአ፡ካብኡ ጀሚሩ፡ በቶም ኣምላኽነቱን ትንሣኤኡን ዝኣምኑ ኵሎም ሕዝቢ ዓለም፡ ዝተዘመረን ዝዝመር ዘሎን ንትንሣኤኡ ዘበሥር መዝሙር ኢዩ። ትሕዝቶኡ ድማ ከምቶም ካልኦት ድኹማት ደቂ ሰባት ብጻዕሪ፡ ብግኑዛቶም ዝትንሥኡዎ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ወንጌልና ዝብሎ፡ ክትንሥእ ከሎ ዓቢይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኮነ፡ ሓለውቲ መቓብር ኣንቀጥቂጦም ብፍርሂ ከም ምዉታት ክሣብ ዝኾኑ ገበሮም። ንሱ ከኣ፡ ብዓቢይ ሓይልን ሥልጣንን ተንሥአ (ማቴ 28፡1–5) ። ኣሰሮ ንሰይጣን ኢልና፡ እወ፡ ከምቲ ኣቐድም ኣቢሉ ባዕሉ ነቦታትና ሓዋርያት “ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ክወድቕ ከሎ ረኣኽዎ” ዝበሎም (ሉቃ 10፡18) ክሣብ ዝስቀል፡ ክሣብ ዝመውት፡ ኣብ ይሁዳ ተጸጊዑ ከም ዝሸጦ፡ ኣብ ኣይሁድ ተጸጊዑ ከምዝሰቕልዎ እኳ እንተ ገበረ፡ ኣብ ትንሣኤኡ ግና ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ወዲቑ እዩ። ኣግኣዞ ለኣዳም፡ ናጻ ኣውጽኦ ንኣዳም ኢልና፡ እወ፡ ካብቲ “ኣዳም ገብሩ ለዲያብሎስ፡ ሔዋን ኣመቱ ለዲያብሎስ” ተባሂሎም ዝነበርዎ ባርነት፡ ኣቱም ኣብ ሲኦል ዘለኹም ውጹ፡ ኣብ ጸልማት ዘለኹም ከኣ ተገለጹ (መጽሓፈ ኪዳን) ተባሂሎም ናጽነት ዝወጹሉ መዓልቲ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ሓዋርያ ጴጥሮስ ውን፡ “ሞተ በሥጋ፡ ወሓይወ በመንፈስ” “ብሥጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ፡ በዚ መንፈስ እዚ እውን ከይዱ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝነበሩ ነፍሳት፡ ድሕነት ሰበኸሎም” (1ይ ጴጥ 3፡18-20)። ክብል፡ ኣዳም ምስ ደቁን፡ ደቂ ደቁን፡ ዝጸንሕዎ ባርነትን፡ ጐይታ ዝሃቦም ናጽነትን፡ ይገልጸልና። ሰላም፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ይኹን፡ ፍስሓን ሰላምን ኢልና ዘሚርና። እወ፡ ኣምላኽና፡ ኣምላኽ ሰላም፡ ኣቦ ሰላም፡ ከም ምዃኑ፡ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም፡ ካብ ዝውለድ ጀሚሩ “ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት፡ ወሰላም በምድር” “ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ኣብ ምድሪ” ተባሂሉ፡ ወሃብ ሰላም ምዃኑ፡ ብመላእኽቲ ዘመስከረ (ሉቃ 2፡14)። “ንሱ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ዘለዓለማዊ ኣቦ፡ መስፍን ሰላም ተባሂሉ ክጽዋዕ እዩ” (ኢሳ 9፡6)። ዝተባህለ፡ “ንጉሥኩም ኣብ ሞንጎ ኣሕዛብ፡ ሰላም ከም ዝኸውን ክገብር እዩ” (ዘካ 9፡10) ዝተባህለ ስለ ዝኾነ እዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ውን፡ “ሕጂ ግና፡ እዞም ቀደም ርሑቃት ዝነበርኩም፡ ብክርስቶስ ኢየሱስ ኣቢልኩም፡ ማለት ብምፍሳስ ደሙ ቀረብኩም፡ ንሱ ነቲ ኣብ ሞንጎ ዝነበረ፡ ናይ ጽልኢ ከልካሊ መንደቕ፡*

ብሥጋኡ ብምፍራስ፡ ነቶም ክልተ ሓደ ዝገበረ ሰላምና እዩ…ንሕጊ ምስ ትእዛዛቱን፡ ሥርዓቱን፡ ኣፍሪሱ፡ ሰላም ገበረ። ኣብ መስቀል ተሰቂሉ ብሙማት፡ ነቲ ጽልኢ ደምሰሶ፡ ንኽልቲኦም ሓደ ብምግባር ከኣ፡ ብመስቀሉ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐም፡ መጺኡ ከኣ ንዓኻትኩም፡ ነቶም ርሑቓት ዝነበርኩም ሰላም ኣበሠረኩም፡ ነቶም ኣብ ቀረባ ዝነበሩ ከኣ ሰላም ኣበሠሮም” ይብል *(ኤፌ 4፡13-18)*። እወ፡ እምበኣር ናይ በዓል ትንሣኤ ኣኼባና፡ ነዚ ወሃብ ሰላም፡ ጐይታ ሰላም፡ ዝኾነ ኣምላኽና፡ መድሓኒና፡ ነቲ ኩሉ ዝገበርልና ርኅራሄ፡ ዝተቐበለልና ስቅያት፡ እናዘከርናን፡ እና ኣዘንቶናን፡ ንምኽባርን፡ ንምዝካርን፡ ኢና ተኣኪብና። ከመይ ዝበለ ስቅያት እዩ ኸ ተቐቢሉልና እንተ በልና፡ ስቅያቱ እሞ፡ ሓደ-ክልተ ኢልና ኣዘንቲና ክንውድኦ ኣይንኽእልን። ብሓጺሩ፡ በዚ ነቢይ ኢሳይያስ ኣሕጽር ኣቢሉ፡ ዝጠቐሶ ጥቅሲ፡ ትንክፍ ነብሎ። “ነሥኣ ደዌነ፡ ወጸረ ሕማምነ” “ብሓቂ ንሱ፡ ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነብሱ ጸዓኖ፡ ንሱ ግና ብሰሪ ገብንና ቆሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕና ውን ብስምብራቱ ሓዌና። ምስ በደለኛታት ተቆጽረ፡ እወ፡ ሓጢኣት ብዙኃት ጾረ። ሓጢኣቶም ምእንቲ ክሕደገሎም ከኣ፡ ምእንቲ በደለኛታት ለመነ” *(ኢሳ 53፡4-12)* ዝብልን ንዕኡ ዝመስልን ብዙሕ ጽሑፋት ክጥቀስ ይከኣል። ቅዱሳት መጻሕፍትና ኩሉ ነቲ ጐይታ ዝገበረልና ድኅነት፡ ደጋጊሙ የዘንትወልናን የረድኣናን። ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዝበሃል ኣቦ “እምበኣርከስ እቲ ብኣና ዝተፈልጠ ዘይቀኍጸርን፡ ዘይስፈርን፡ ሕያውነቱ ነዘንቱ፡ ብምኽሪ ርጉም ተመን ትእዛዙ ምስ ዓሎና፡ ካብታ ናይ ደስታ ገነት፡ ናብ ጥፍኣት ወጻእና፡ ካብ ሕይወት ናብ ሞት፡ ካብ ሓርነት ናብ ባርነት፡ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ሓጢኣት ተገዝእና። ንሱ ግና ንዓና ንፍጥረቱ፡ ኣይሓደገናን፡ ሽለል’ውን ኣይበለልናን፡ ከምቲ ዝበደልናዮ፡ ኣይተቐየመንና፡ ብሓጢኣትና ፈጺምና ክንጠፍእ ከኣ፡ ኣይሓደገናን፡ እኳ ደኣ ኣፍቀረናን፡ መሓረናን፡ ራኅርሃልናን፡ ካብ ኢድ እቲ ዝገዝኣና’ውን ኣናገፈልና” ይብል *(ቅዳሴ ዮሓ ኣፈወርቅ ቍጽሪ 14-17)*።

<u>ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን፡</u> እምበኣር በዓል ትንሣኤ ከንብዕል ከሎና፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ጽሑፋት፡ እናዘከርናን፡ እናንበብናን ኢና። ንሕና’ውን ከምቲ ጐይታ ዝተንሥአ ኹልና ክንትሥእ ከም ዝኾንና ንኣምን ኢና። “ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥአ፡ በዚ ኸኣ ናይቶም ዝሞቱ በኹሪ ትንሣኤ ኮነ” *(1ይ ቆሮ 15፡20)*። ግንከ ክልተ ዓይነት ትንሣኤ ከምዘሎ ድማ፡ ኣይንረስዕ፡ ትንሣኤ ሕይወትን፡ ትንሣኤ ኹነኔን (ዮሓ 5፡29)። ንሕና እንደልዮን፡ እንጽበዮን ድማ፡ ትንሣኤ ሕይወት ኢዩ። ትንሣኤ ሕይወት ንምርካብ ከኣ፡ ከምቲ ጐይታ ካባና ዝጽበዮ ኴይንና እንተ ጸናሕና ኢና። ንሱ ከኣ፡ ቅድም፡ ፍጹም ሙሉእ እምነት፡ ሒዝና፡ ብሠናይ ግብሪ፡ ተሸሊምና ብፍቕሪ-ሓድሕድ ተጸሚድና ክንመላለስ እንተ ጸኒሕና፡ ጐይታ ከኣ፡ ኣብቲ መወዳእታ ፍርዲ፡ ትንሣኤ ሕይወት ኣተንሢኡ፡ “ንዑ ናባይ” ዝብል ቃሉ ከምዘስምዓና፡ ርግጸኛታት ኢና። በዓል ከነብዕል ከሎና፡ ኣብቲ መብዓሊ በዓል እንቕርቦ ትሕዝቶ፡ ንዓና ጥራሕ ንበይንና ኣይበል። “ንኣምላኽ ከምዚ ዝኣመሰለ መስዋዕቲ ኢዩ ዘሓጒሶ’ሞ፡ ሠናይ ምግባርን፡ ዘሎኩም ምስ ካልኦት ምምቓልን ኣይትረስዑ” ዝብል ጥቕሲ *(ዕብ 13፡16)* ክንዝክር ይግባእ። ስለዚ፡ ከምዚ ኢልና ተኣኪብና ንጐይታ ምምስጋንና ድማ፡ ብዙሕ ዋጋ ከም ዘለዎ ኣሚንና፡ ንኣገልግሎትና ትግሃትን፡ ትሕትናን፡ ንወስኽሉ። ሓዋርያ ጳውሎስ “ስለዚ ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ ጻዕርኹም ብጐይታ ከንቱ ከም ዘይኮነ፡ ፈሊጥኩም ጽኑዓት፡ ዘይትነቓነቑ፡ ብዕዮ ጐይታ ኩሉ ጊዜ ምሉኣት ኩኑ” እናበለ ኢዩ ዝመኽረና *(1ይ ቆሮ 15፡58)*። እምበኣር ትንሣኤኻ ክንዲዝኣመንና ብርሃንካ ፊኑ ናባና እናበልና ዝለመንናዮ ኩሉ ጸሎትና ከምኡ’ውን መስዋዕትና ተቐቢሉ ብርሃኑን፡ ሰላሙን፡ ይልኣኽልና። ምስ ተንሥአ ነቦታትና ሓዋርያት “ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን” ከም ዝበሎም ንዓና’ውን “ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን፡ ኩሉ ሰላመይ ከኣ እህበኩም ኣለኹ” ይበለና። ብሩኽ በዓል ትንሣኤ ይግበረልና፡ ናይ ሰላምን ሓጎስን፡ ናይ ራህዋን በረኸትን፡ በዓል ይግበረልና።

*በዓል ትንሣኤ 23 ሚያዝያ 2008 ዓ. ም. (5/1/2016)*

*ደብረ ሰላም ቅድስት ማርያም፡ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ሽካጎ።*